# ዜናዊ ጸብጻብ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
**22.10.2004**

1. ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ፡ መንግስቲ ሱዳን ንፕረሲደንት ኢሳያስ ክቐትል ዘዋደዶ ሰኪዔት ረኺበ ክብል ብረቡዕ ዕለት 20.10.2004 ብሚኒስተር ዜና ኣቶ ዓሊ ዓብዱ ኣቢሉ መግለጺ ኣውጺኡ። መንግስቲ ሱዳን፡ እዚ ጻዕዳ ሓሶት ኢዩ፤ መንግስቲ ኤርትራ ፍቓደኛ እንተደኣኰይኑ፡ ናጻ ዝዀነ ኣህጉራዊ ናይ ምርመራ ሽማግለ ቆይሙ ነቲ ክሲ የጻርዮ ክብል ድልውነቱ ገሊጹ። ከምኡ ውን፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ንመንግስቲ ሱዳን ንምዕላው ምስ ተቓወምቲ ኰይኑ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣቃሊዑ። ረድዮ ድምጺ ኣመሪካ፡ ብዛዕባዚ ጉዳይ ኣመልኪታ ንኣቶ የማነ ገብረመስቀል ንምዝርራብ ዘቕረበቶ ጠለብ ኣቶ የማነ ኣይተቐበሎን። ኣቶ የማነ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ምስ መንግስቲ ሱዳን ናይ ምትዕራቕ ድሌት ከምዘይብላ ግን ኣረጋጊጹ።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ከምዚ ዝዓይነቱ ክስታት ኣብ ልዕሊ ሱዳን ክስንዝር ናይ መጀመርያኡ ኣይኰነን። ብ1994 ዓ.ም ውን ተመሳሳሊ ክሲ ሰንዚሩ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ። ካብዚ ብምብጋስ፡ ብዙሓት ተዓዘብቲ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ፡ ነቲ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ኣብ ልዕሊ ሱዳን ዝገብሮ ዘሎ ጸቕጥታት መዝሚዙ ካብ ኣትይዎ ዘሎ ናይ ተነጽሎ ዓዘቕቲ ንምውጻእ ዝገብሮ ዘሎ ከንቱ ፈተነዩ ዝብል ሚዛን ክህብሉ ይስምዑ ኣለዉ።

ስርዓት ኣስመራ፡ ኣብ ቀዳማይ ክፍላ ናይ 1994 ዓ.ም ንመንግስቲ እስላማዊ ድሕነት ግንባር ሱዳን ንምዕላው ብኣኼባ ከም እተዘራረበሉ ዘቃልዐት፡ ሩት ስምኦን እተባህለት ጋዜጠኛ፡ ንማእሰርቲ ተሳጢሓ ከምዝነበረት ዝዝከር ኢዩ።

2. ስርዓት ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ኣብ ኤርትራ ክዕጸ ምዃኑ ብሚኒስተር ዜናኡ ኣቢሉ ኣፍሊጡ። ነዚ ስጉምቲዚ ንምውሳድ ዘቕረቦ ምስምስ ድማ፡ ንመንእሰያት ካብቲ ምስ ባህልን ስነ-ምግባር ህዝቢ ኤርትራ ዘይቃዶ ናይ ደገ ባህልታት ንምሕላውዩ ዝብል ኰይኑ፤ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ናይ ኢንተርነት ካፌ ናብ ቤተ መጻሕፍቲ ክቕይሮ ምዃኑ ውን ሓቢሩ።

እቲ ሓቂ ግን፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ናይቲ ስርዓት ፍልይ ዝበለ ርእይቶታት ከይሰምዕ ብሓደ ሸነኽ፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ፡ ንግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣመልኪቱ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኣስመራ ዝስንዝሮ ዘሎ ክስታት ከይፈልጥ ኢሉ ዝወስዶ ዘሎ ስጉምቲ ምዃኑ መብርሂ ዘየድልዮ ግሉጽ ጉዳይ ኢዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ሎሚ፡ ኣገልግሎት ኢንተርነት ኣብ ኤርትራ ንኽዕጸ ዝድርኽ ዘሎ ምኽንያት፡ እቲ ትማሊ ንናጽነት ፕረስ ዝሰለበን፥ ንጋዜጠኛታት ንማእሰርቲ ዝዳረገን ምኽንያታት ምዃኑ ሓደን ክልተን ዘይብሃለሉ ርዱእ ጉዳይ ኢዩ።